Vestfold og Telemark
FYLKESKOMMUNE

**ላፕቶፕ ፒሲ/ታብለት ንምክራይ እተገብረ ውዕል**
**ብናጻ ንምምሃር ዚሕግዝ ልቓሕ**
ኣብ መንጎ ዞባ ቨስትፎልድን ቴለማርክን
(ቍጽሪ 821 227 062)
**ከምኡውን**
{ስም ተማሃራይ} - {ዕለት ልደት ተማሃራይ}

# 1. ሓፈሻዊ

## 1.1 ክልቲኦም ወገናት

እቲ ውዕል ኣብ መንጎ ዞባ ቨስትፎልድን ቴለማርክን (ዞባዊ ምምሕዳር ) ከምኡውን ኣብ መንጎ እቲ ዚካረ ተመሃራይን ተኸይዱ። ዞባ ቨስትፎልድን ቴለማርክን እንተ ተኸፋፊለን፣ ማለት ክልተ ዞባታት እንተድኣ ኾይነን፣ እዚ ውዕል እዚ ኻብ ዞባ ቨስትፎልድን ቴለማርክን ናብ ዞባዊ ምምሕዳር ቴለማርክ ወይ ዞባ ቨስትፎልድ ኢ.ቅየር እዩ። እዚ ማለት እቲ ውዕል ኣብቲ እትመሃረሉ ዞባ ይመሓለለፍ።
እቲ ተመሃራይ ትሕቲ ዕድመ እንተድኣ ኾይኑ፣ እቲ ውዕል ምስ ኣለይቱ/ስድርኡ ይካየድ፣ ማለት ናይቲ ኮምፒተር ተኻረይቲ ሓላፍነት ኣለዎም። ብምፍራም ንትሕዝቶ እዚ ሰነድ እዚ ኸም ዘንበብክዎ ነቲ ናይ ተማሃራይ ላፕቶፕ/ታብለት (ኮምፒተር ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ከምኡውን ናጻ ናይ ትምህርቲ ናውቲ ንምጥቃምን ብግቡእ ምሓዝን፣ ዝሕግዝ ናይ ቤት ምኽሪ ኣውራጃ መምርሒታትን ከም እተቐበልኩ የረጋግጽ ኣለኹ።

እቲ ኣብ መንጎ ዞባዊ ምምሕዳርን እቲ ተመሃራይን ዘሎ ክራይ ኮምፕተር፣ ብመሰረት እቲ ኣብቲ ውዕል ተጻሒፉ ዘሎ እዩ ዚመሓደር።

እዚ ውዕል እዚ ኣብዚ ኤለክቶሮናዊ መርበብ ጠዊቕካ ፈርም። [https://elevkontrakter.vtfk.no/](https://elevkontrakter.vtfk.no/)

# 2. ክራይ ላፕቶፕ/ታብለት

## 2.1 ናይ ኮምፕዩተር መሳርሒታት

**መሰል ዋንነት/መሰል ኣጠቓቕማ**

እቲ በዚ ውዕል እዚ እተሸፈነ መሳርሒታት/መምሃሪ ንብረት ናይቲ ዞባዊ ምምሕዳር ዋንነት እዩ። እቲ ተማሃራይ ነታ ኮምፕተር ኽሳዕ ዚዕደግን ብሕታዊ ዋኒን ክሳዕ ዚገብራን ጥራይ እዩ ናይ ምጥቃም መሰል ዚረክብ።

### እቲ ውዕል ዝሽፍኖ ናይ ኮምፕዩተር መሳርሒታትን ሶፍትዌርን

እዚ መደብ እዚ ላፕቶፕ/ማክቡክ ዚብሃል ኮምፕዩተር ፣ ምስ ናይ ባትሪ መምልኢ ቻርጀር ፣ ከምኡውን ካልእ ተወሳኺ መሳርሒታትን ዜጠቓልል እዩ ።እታ ኮምፕዩተር እንተድኣ ተበላሺያ ወይ ጠፊኣ፣ እቲ ውዕል ናይ ልቓሕ ኮምፕዩተር ከምዘለዎ እዩ።
እዚ ዝስዕብ ናይ ሶፍትዌር ጉጅለታት ኣብ ርእሲ እቲ ናይ ኣሰራርሓ ፕሮግራም ኮምፕዩተር ክጽዓን ይከኣል፤
- መመልከቲ ደገፍ ቤት ጽሕፈት (Office365)
- ናይ ኮምፕዩተር ፕሮግራም ጸረ-ቫይረስ
- እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ስልጠና ዚጥቀመሉ ኻልእ ሶፍትዌር እውን ኣሎ።

ንማክቡክ ዝበሃል ቾምፕዩተር ዝኾነ ካልእ ሶፍትዌር ክህሉ ይኽእል ኢዩ።

## 2.2 ኣጠቓቕማ መሳርሒታት

**እቲ ተማሃራይ ከምዚ ኣብ ታሕቲ ዝሰዕብ ክገብር ግዴታ ኣለዎ፥**

- እቲ መሳርሒታት ከይበላሾን ከይስረቅን ብግቡእ ክትሕዞ ኣለካ። (ንኣብነት ኣብ እተሸጐረ ኸብሒ ቦርሳ ተቀምጠሉ ኣርማድዮ ይኽዘን፡ እታ ኮምፒተር ኣብ ቦርሳ ኣእቲኻ ትጎዓዝ። ዝናብ ክዘንብ ከሎ ከይበላሸዎ፡ ናይ ዝናብ መሸፈኒ ገርካ ትሽፍኖ ክትጐዓዝ ከሎኻ ድማ ቦርሳ ትውሰድ)።
- ኮምፒዩተርካ ንኻልኦት ኣይተለቅሖ ወይ ንበይና ገድፍካያ ኣይትኺድ።
- ጉዳኢ/ዘይሕጋዊ ወይ ካልእ ሶፍትዌር ከተውርድ የብልካን።
- ብዘይ ፍሉይ ፍቓድ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ ድሮ ኣብ ኮምፒዩተራት እተገጥመ ሶፍትዌር ኣይተቀይሮ/ኣይትቐድሖዮ
- ስሩዕ ደገፍ ከም ዚህሉ ኣረጋግጽ።
- ምልክት (ዓይነት ስም ቊጽሪ ፍርያምነት ወዘተ) ካብታ ማሽን ኣይተልግሶ።
- ነታ ኮምፒተዩር ዝኾነ ዓይነት ምልክት ይኹን ወይ ዝለጠፍ ጽሑፍ ዘለዎ ኣይትግበር።

ኣብ ኮምፒዩተራት ቫይረስ/ዘበላሹፕሮግራም ከም ዘሎ እንተ ተጠራጢሩ፡ እቲ ተማሃራይ እንደገና ኮምፒዩተሩ ከም ብሓዲሽ ንምጽራይን ሶፍትወር ምትካልን ምስ ክኢላታት ኮምፒዩተር ኢተ ክራኸብ ኣለዎ። ዘይልሙድ ኣጠቓቕማ ኮምፒዩተራት እንተ ተጠራጢሩ ወይ እንተ ተረኺቡ እቲ ኮምፒዩተራት ንኺምርመር ኪቐርብ ኣለዎ ። እቲ ተመሃራይ መጺኡ እንተዘይ ኣረኪብዋ ነታ ኮምፒዩተር፡ እቲ ተጠቃሚ መንነቱ ናይታ ኮምፒዩተር ይዕጾ።

ተማሃሮ እቲ 3 ዓመታዊ ክራይ ክሳዕ ዝኽፈልን ኮምፒዩተራት ትምህርቲ ምስ ወድኡ ናቶም ክገብርዎን ኽሳዕ ዝምደብን ናይ ኮምፒዩተራት ምምሕዳራዊ መሰል ኣይረኽቡን ኢዮም።

እዚ ኣጠቓቕማ እዚ በቲ ዞባታት ቨስትፎልድን ቴለማርክን ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ፡ትምህርቲ ዘውጽእዎ ሕግታት ኢዩ ዝቈጻጸር።.

## 2.3 ጉድኣት/ብልሽት

ኩሉ ናይ መሳርሒ ምብልሻውን ምጥፋእን ምሠጋጥም፡ እንተ ወሓደ ኣብ ውሽጢ ፳፬ መዓልቲ ብቕልጡፍ ንቤት ትምህርቲ ክትሕብር ኣለካ ።
እቲ ተመሃራይ ነቲ ዝወረደጉድኣት ባዕሉ ኼዐርዮ ኺፍትን የብሉን፡ ማለት ነቲ ወሪዱ ዘሎ ብልሽት ባዕሎም ቤት ትምህርቲ ክዕርይዎ ክሕብሮም ጥራይ ኢዩ ዘለዎ። እቶም ተቐባልነት ዘለዎም በዓል ሞያ ዘይኰኑስ፡ ብኻልኦት ጒጅለታት ዚገበርዎ ጽገና፡ ተቀባልነት የብሉን ካልእ ተወሳኺ ጉድኣት ኬስዕብ ይኽእል እዩ።

እቲ ተመሃራይ ብሰንኪ ሸለልትነት ምጉዳሉ፡ እታ ኮምፒዩተር እንድኣተበላሸያ፡እቲ ተመሃራይ ነቲ ወጻኢታት ይኸፍሎ።

ንኣብነት ሸለልትነት ክንብል ከለና እዚ ዝሰዕብ ክኸውን ይኽእል ኢዩ፥

- ዝኾነ ዝስተ ወይ ካልእ ፈሳሲ ኣብ ልዕሊ እታ ማሽን ክፈስስ ይኽእል
- ዝስተ/ፈሳሲ ኣብ ሓደ ቦርሳ ምስ ኮምፒዩተር ምዕቃብ
- ብሸለልትነት ዚጐዓዝ መጓዓዝያ ወይ ኣተሓሕዛ
- ኣብ ተሽከርካሪት መኪና ይኹን ብሽክለታ ኣብ ትጎዓዘሉ እዋን ናይ ኮምፒዩተር ጉድኣት ምስ ዘጋጥም
- ንኣብነት ኣብ ላዕሊ፡ኣብ ባይታ ወይ ኣብ ጫፍ ሕንጻጽ ወይ ኣብ ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ኮምፒዩተር ምቕማጥ ክበላሾ ስለዝኽእል፡ ተቐባልነት የብሉን።
- ኣብ ዘይጥዑይ ቦታታት ወዘተ ኮምፒዩተር ዘይምቕማጥ። (ንኣብነት ኣብ ጥቓ ሑጻ ፡ሓመድ ፡ማይ፡ ናይ መላገቢ መሳርሒታት ወይ ቤት ዕዮ ኾነ ንኻልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራት ክጐድእ ዝኽእል ማሽናት)።
- እቲ ተማሃራይ ነታ ኮምፒዩተር ኣብ ዝኾነ ቦታ ሓዲግዋ ምስ ዝኸይድ ወይ ንመማህርቱ ረኣዩለይ ከይበለ ገድፍዋ እንተኸይዱ
- ኮምፒዩተር ክትዓጹ ከለኻ ሓደ ነገር ኣብ መንጎ እንተድኣ ተቀርቂሩ፡ ኣብ ኮምፒዩተር ጉድኣት ክወርድ ይኽእል።
- ባዕልኻ ወይ ኻልኦት ብሰንኪ ሸለልትነት ኣብ ልዕሊ ኮምፒዩተርካ ኮፍ ምስ ዝብሉ፡ ኣብ ኮምፒዩተር ዝወረደ ጉድኣት ኣሎ።

ብልሽት ኣብ ልዕሊ ኮምፒዩተር ኬጋጥም ከሎ፡ሓደ ተጠቃሚ ቁሩብ ኽፍሊት ኪኽፈል ኣለዎ ። እቲ ክኽፍሎ ዝግበኦ መጠን ክፍሊት ከከም መጠን እቲ ወሪዱ ዘሎ ብልሺት ይፈላለ እዩ።

እቲ ተመሃራይ ብሰንኪ ሸለልትነቱ ኣብ ልዕሊ ኮምፕዩተር ጉድኣት እንተ ተራእዩ ወጻኢታቱ ባዕሉ ኺሽፍን ኣለዎ።
ኣብ እተበላሸወ ኮምፕዩተር ሸለልትነት እንተ ኣጋጢምዎ እቲ ተማሃራይ ብመሰረት እዚ ሕጂ ዘሎ መምርሒታት ምምሕዳር ከተማ ነቲ ዝተረፈ ዋጋ ናይ ኮምፕዩተር ክሽፍን ወይ ክኸፍል ኣለዎ።

## 2.4 ስርቂ

ናትካ ኮምፕዩተር እንተድኣ ተሰርቃ፡ እቲ ተማሃራይ ነዚ ብኡንብኡ ንፖሊስ ክነግሮ ኣለዎ። እቲ ቤት ትምህርቲ ድማ ቅዳሕ ናይ ስርቂ ጸብጻብ ንፖሊስ ከምዝሓበርካ ዝግልጽ ክትህቦም ኣለካ። ሓንቲ ኮምፕዩተር ኣብ ቤት ትምህርቲ ኻብ እተሸጐረ መኽዘን/ኣርማድዮ ተማሃራይ ወይ ኣብ ክፍሊ እንተተሰርቀት ንፖሊስ ድማ ከምዝተሰርቀት እንተድኣ ዘይኣምለኪቱ፡ እቲ ተማሃራይ ሸለልተኛ ኸም ዝኾነ ጌርካ ስለ ዚርአ ምሉእ ብምሉእ ዋጋ ናይታ ኮምፕዩተር ክኸፍል እዩ።

ካብ ናይ ብሕቲ ወይ ህዝባዊ ቦታታት፡ ከምኡውን ካብ ቤት ትምህርቲ ዝሰረቐ ንብረት፡ብናይ ተማሃራይ ኣላዩ/ስድራ መድሕን (ኢንሹራንስ) ክሽፈን ኣለዎ።

# 3. ብናጻ ናይ ትምህርቲ ናውቲ ምልቃሕ

እዚ ውዕል እዚ ንብምሉኡ ዓመት ቤት ትምህርቲ ወይ ንሓደ ዓመት ትምህርቲ ብናጻ ዚወሃብ ናውቲ ትምህርቲ እዩ ፣ እዚ ኸኣ ትምህርቲ ምስ ተዓጽወ ወይ ትምህርቲ ምስ ኣቋረጸ፡ ተማሃራይ ንቤት ትምህርቲ ይመልሶ።

ተማሃሮን ስድራኦምን ከም ክፍሊ እቲ ናይ ልቓሕ መደብ መጠን ነቲ ናይታ ቤት ትምህርቲ ንብረት ምልቃሕን ምጥቃምን ኩነታት ዝግለጸሉ ውዕል ክፍርሙ ኣለዎም።
ኩሉ ልቓሕ ንብረት ዝወሰደ ተማሃራይ፡ ኣብቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ዘሎ መዝገብ ብስም ተማሃራይ ክምዝገብ ኢዩ።

መተሓሳሰቢ፡ ትምህርቲ ምስ ወዳእካ፡ስልጠና ምስ ወዳእካ ወይ ትምህርቲ ምስ ኣቋረጽካ ኩሉ እቲ ትምሃረሉ ናውቲ ንትምህርቲ ኺምለስ ከም ዘለዎ ኣይትረስዕ ። ኣብቲ ቆጸራ'ኻ ነቲ ዝተለቃሕካዮ ናዊቲ እንተዘይመሊሳካዮ፡ናይ ትምህርቲ ናውቲ ኸም እተዓደገ ጌርካ እዩ ዚሕሰብ፡ መኽፈሊ ወረቐት ከኣ ናብቲ ተመሃራይ/ስድራ ይለኣኽ። በቲ ናይ ሓቂ ዋጋ ኺዕደግ እዩ።

**ኣጠቓቕማ እቲ መሳርሒታት :**
 ኩሉ እቲ ተማሃራይ እተለቅሐ ናይ ምምሃር መሳርሒታት ንብረት ናይቲ ቤት ትምህርቲ ኢዩ ። እቲ ተመሃራይ ኣብ ዓመተ ትምህርቲ ትምህርቱ እንተ ኣቃሪጹ ኩሉ እቲ ትምህርቲ ዚሃቦ ናውቲ ብኡንብኡ ንቤት ትምህርቲ ኺምለስ ኣለዎ።

እቲ ተመሃራይ ከምዚ ዝስዕብ ክገብር ግዴታ ኣለዎ :

- ትምህርቲ ዚሃቦ መሳርሒታት ከይበላሾ ወይ ጉድኣት ምእንቲ ኸይቃልዕ ብግቡእ ክትሕዞ ኣለካ።
- ምልክት ዘይምጥቃም፡ ወይ ኣብ እተለቅሐ መጻሕፍቲ መዘኻኸሪታት ዘይምጽሓፍ።
- እቲ ኮድ/ጽሑፍ ኣብ ኮምፕዩተር ዘሎ ምልክት ገጻት ምእንቲ ኸይጠፍእ ወይ ብማይ ምእንቲ ኸይበላሾ፡ ከይረስሕ ምእንቲ ወይ ከኣ ካብ ንቡር ንላዕሊ ምእንቲ ከይበላሾን ኸይቅደድን ብሓላፍነት ምሓዝ።

እቲ ተመሃራይ ናይ ምምሃር መሳርሒታት እንተ ኣጥፊኡ፡ ጉድኣት እንተ ወሪድዎ ወይ እንተ ዓንዩ ምሉእ ብምሉእ ተሓታቲ እዩ ።
እቲ ናይ ምምሃር መሳርሒታት ድሕሪ እቲ ናይ መወዳእታ ግዜ እኳ እንተ ተላእከ እቲ ናይ ካሕሳ ሕቶታት ግን ኣይውገድን ኢዩ። ኣብ ፍሉይ መዳያት ካሕሳ ንምርካብ ዝቐረበ ሕቶታት ክውገደሉ ይኽእል ኢዩ።

Vestfold og Telemark
FYLKESKOMMUNE

# 4 . ክታም

## ፒሲ/ታብለት ንምክራይን ንምምሃር ዚሕግዝ መሳርሒታት ንምልቃሕን እተገብረ ውዕል

ንትሕዝቶ እዚ ሰነድ እዚ ኸም ዘንበብክዎን ከምዝተረደኣንን የረጋግጽ ኣለኹ።
ብምፍራመይ ነቲ ናይ ተማሃራይ ኮምፕዩተር ብግቡእ ከም ዝጥቀመሉን ከምዝሕዞን ከምኡውን ነቲ እተለቅሕክዎ ናይ ትምህርቲ ናውቲ ንምጥቃምን ንምስራሕን ዝሕግዝ መምርሒታትን ሕግን ናይቲ ኣውራጃ ቤት ምኽሪ እቕበሎ ኣለኹ።

ካብ ቤት ትምህርቲ ዝወሰድካዮ ብናጻ ንምምሃር ዚሕግዝ መሳርሒታት ኣብ ዝተባህለካ እዋን እንተ ድኣ ዘይመልስካዮ ወይ ከምቲ ኣብቲ ውዕል ዘሎ ብስንኪ ሸለልትነት ምርኣይካ ብግቡእ ብዘይምቕራቡ፣ እቲ ተመሃራይ ዝኽፈል ወረቐት ኪቕበል እዩ።እቲ ተመሃራይ እንተ ዘይከፈለ ብዛዕባ ምእካብ ዕዳ ብጽሑፍ መጠንቀቕታ ይወሃቦ። ዞባዊ ምምሕዳር ነቲ ክፍሊት ናይ ምእካብ ዕዳ ናብ ካልእ ዝምልከቶ ኣካል ኼመሓላልፍ ይኽእል እዩ።

ነቶም ትሕቲ 18ዓመት ዝዕድሚኦም ተማሃሮ እቲ ኸም ተኻራዪ መጠን ክታሙ ዘንበረ ወላዲ፣ ዝኽፈል ዘበለ ንዚቐርብ ዝኾነ ይኹን ሕቶ ሓላፍነት ዘለዎ ወላዲ ናይቲ ተማሃራይ እዩ።

ምስዚ ውዕል እዚ እተተሓሓዘ ዘይምስምማዕ ምስ ዚለዓል ሕጋዊ መአከቢ ቤት ፍርዲ ኣውራጃ ኔድር ቴለማርክ እዩ።

ምምሕዳር ዞባታት ፃቨስትፎልድን ቴለማርክን
ቦታን ዕለትን፦ ሼይን ነሓሰ 2023

ሄልገ ጋልዳል
ዳይረክተር ትምህርትን ህዝባዊ ጥዕናን

**ተመሃራይን መጕዚትን/ወላዲ**

| **ቦታን ዕለትን** | **ትሕቲ 18ዓመት ዝዕድሚኡ እንተኾይኑ ሓላፍነት ዘለዎ ወላዲ ይፍርም** |
|---|---|
| ስም ተማሃራይ (ብዓብዩ ፊደላት ጽሓፎ) | ስም ወላዲ (ብዓብይ ፍደላት ጽሓፎ) |
| ክታም ተማሃራይ | ክታም ወላዲ |